*ክንዛረብ ክንደይ ግዜ ሎ ትም*
*ትም ንዕላማ ኣልቦ ዩ ዝጠቅም*
*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*




*ኣይትዘንግዕ ምኽንካ ተቐባሊ ሕድሪ*
*ወዲ ሰብ ኣይነብርን ዩ ታሪኽ ዩ ነባሪ*
*ህያው ዩ መስዋእቲ ጀጋኑ ወትሩ ተዘካሪ*
*ወለዶ ትማሊ ሎሚ እንታይ ኢኻ ተወሪ..*

*ተቀበልቲ ሕድሪ ኣይተብዝሑ ኣበር*
*መንእሰይ ኣነ ኣነ ክትብል ኣይትንበር*
*ዕላማን ራኢን ሰማእታትና ክነሰምር..*
*ናይ ፖሎቲካ ዑቁበኛ ዶ ናይ ቁጦባ*
*ተመሊስካ ተኻዕብት ናይ ህግደፍ ጂባ*
*ረሲዕካዮ ኣያረኺብካ ምስ ወጻእካ ካብ ጸበባ..*
*ኣዋልዶ ኣወዳቶም ሳዕሳዕቲ*
*ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ መጣቓዕቲ*
*ንቀታሊኦም ዝኸፍሉ ክልተ ካብ ሚእቲ..*
*ከምቲ ስነጥበባዊ ሑሰን መሐመድ ዓሊ ዝበሎ*
*ሐርበኛ ተጋዳላይ በዓል ቁምጣ ስረ ይካኣሎ*
*ኣብ 1990ን ንወደብ ባጽዕ ሐራ ከውጽ እክሎ..*
*ዮም ባጽዕ ፈሪ ኣስመራ*
*ኢንሐዝዮ ሕኩመት ኣምሐራ*
*ሕጂ ውን ሐሕ ንበሎም ጭፍራ*
*ዳግማይ ካብ ህግደፍ ክንከውን ሐራ..*

*ሕጂ ውን ሐርነት ዝሐረሞ*
*እነሆ ስነ ጥበባዊ ኪሮስ ይደግሞ*
*ዓዱ ዝገደፈ ደም እንዳ ጠዓሞ..*
*ከምቲ  ኪሮስ ኣስፋሃ ዝበሎ*
*መንእሰይ ሱባኤ ከንኣቱ ንዳሎ*
*ናይ ሐባር ቃልሲ ይጽበየና ሎ..*
*ሃገር ናይ ኩሉ ሃይማኖት ግን ናይ ግሊ*
*ኣይትበል ኣይተስሙዑኑ ታሪኽ ትማሊ*
*ቀያሕትን ጸለምትን ከፊሉ ናይ ኤረትራ ገድሊ*
*ነብስኻ ፈቲኻ ኩሉ ንቐዳሞት ከተሸከም ትደሊ..*
*ምልዕዓል ኣርባዓታት ሕምሳታት*
*ብ61 ንዓዎተ ኣበጊሱ ኪቃለስ ንነጻነት*
*ድሕሪ ነጻነት ብዘይ ሐርነት ን25 ዓመት*
*ብሕመቕና ኢና ንነብር ዘለና ኣብ ባርነት..*
*ወለዶ ትማልን ሎምን ከነዋዳድሮ*
*እቲ ዝነቕሔ ኣንጊሁ ብድሮ*
*እቲ ሐደ መግዛእቲ ዝመረሮ*
*እቲ ሐደ ደርጊ ምስ ረሸኖ ኣሰሮ*
*ብረት እኳ ኣብ ኢዱ ዘይነበሮ*
*ሃኢሉ ብረት ተማሂሩ ኣብ መሮሮ*
*ንሃጽይ ጽህዩ ንደርጊ ዘባረሮ..*
*ብሐንሳብ ዝተማህረ ዘይተማህረ*
*ንመሪር ናብራ ገድሊ ከየማረረ*
*ኣብ ቁርን ኣሳሐኡታን ዝሐደረ..*
*ዓዲ ተሪፎሞ ጥራይ ሽማግለ*
*ኪጋደል ተበጊሱ እግሪ ዝተኸለ*
*ኣብ ገጠር ከተማ ከምዚ ዩ ዝተባህለ..*
*ወለዶ ሎሚ ግን ብረት ኣብ ኢድካ*
*ክንዲ ትሕርን ኣብ በረኻ ሃገርካ*
*ሰማእታትካ ሕድሪ ዘረከቡኻ*
*ዓዲ ጀጋኑ ንመን ገዲፍካያ ከድካ*

ኣብ ስደት ውን ምምካቶም ሲኢንካ..
ዋላ ዓቕሚ ኣዳም ዘይኣኸሉ
ወለዶ ሎሚ ኩሉ ንስደት ነቒሉ
ተሰዲዱ ውን ኣይመከተን ንተኺሉ..
ህዝቢ ወሰን ወሰን ኣብዚሑ
ዕንቅፋት ኮይኑ ነቶም ዝሰርሑ
ንረቢ ንኣምላኽ እኳ ዘይፍርሑ
እቶም ህዝቢ ከይጥርነፍ ዝጻቡኡ
ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኣብ ፈቐዱኡ
ዘርባ ኣይሰርሑ ኣየስርሑ ሰሚዑ..
ኣስተባህሉ እሞ ደቂ ኤረ
ባዓል ኣፍ ግን ሐንቲ ከገበረ
ጸረ ውድባት ኣብዚሑ መረረ
ብዘረባ ኣይረኤናን ዝተገብረ..
እዚ ክብል ከለኹ ግና
ነቶም ኣብ ኩሉ ዝብሉ ኣለና
ኣይምልከትን ንኡስና ንዓቢና..
እዚ ይምልከት ነቲ ቀዲሙ ዝተሰደ
ተጋዳላይ ዝነበረ ዘይነበረ ምስ ከሐደ
ዘይንሱ እዩ ንጭፋራ ህግደፍ ዘሰወደ..
ፈታው ነብሱ ኤረትራዊ የ በሃሊ
ብኾፍካ ሐርነት ትደሊ
ቀያሕትን ጸለምትን ወሲሱ ገድሊ
ሐርነት ውን መስዋእቲ ይደሊ..
ዓቢ ኑኡስ ንግደፎ እሞ በለጽ
ካብ ማዓልቲ መጸ ንቋራረጽ
ኣዋሃሂዱ ዘቃልሰና ንምረጽ..
ነቲ ዝጸንሖ ቃልሲ ንኺይዓስሎ
ገለ ብመደብ ምስ ቀብኡ ጸሎሎ
ብዘይ ፍረ እንሆ 25 ዓመት ኮይኑ ሎ
ግብራዊ ክኸእን ንደንበ ተቓውሞ ንዕሰሎ..

*ዘራጊ ከሎ ዶ ጽሩይ ማይ ትሰቲ*
*ገምጋመይ እንሆ ወዲኤ ትዕግስቲ*
*ካብ ቶም ሃገርዊያን ኢና በሃልቲ*
*ካብ ናእሽቱ ይኹኑ ካብ ዓበይቲ*
*ካብ ጠርነፍቲ ይበዝሑ በተንቲ*
*ንኤረትራዊ መንነት ዝብትኑ ብስልቲ..*
*ንመን ትኣምን በርህ ዑቁባዝጊ*
*ንረቢ ንእኮ ኣምላኽ እዝጊ*
*ኣሚነ እቃለስ ንግዝኣተ ሕጊ..*
*ርሑስ ፋሲካ ይግበረልና*
*በቲ ኣብ ቀራንዮ ዝፈሰሰ ደሙ ምእንታና*
*ጌሩ ምሕረቱ የውርደልና*
*ኣሜን ሰላም ዎ ሰናይ ይሃበና..*
*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
**ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና**